ሳላ ዝተሰወአ

እቲ ዙፋን ቀልብና
ሕሉብና ንጹፍና
ባህታ ሂወትና ታቦት ናይ ልብና፡

'ቲ ጅግና ናይ ትማሊ ሳላ 'ተሰወአ
ሰብ ክነሱ ክንዮ ሰብ ዝረአ፡

ብመስዋእቱ ህላዌና ኣጉሊሑ
መንገዲ መሪሑ
ድንቂ ቅያ ሰሪሑ።

ቃና ውሽጡ ኢና ድሃና'ዩ ዝሰምዕ
እናክብዳህ ስሌና ይተብዕ
ንኽብጆ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ።

ሳላ 'ተሰወአ

ክዘንብ ከሎ ኣይሂ እሳት
ክጨኑ ከሎ ባሩድ ቃሬት
ክድወል ከሎ ቅኒት ጥፍኣት፡

ሳላ 'ተሰወአ

ኣብ ኣስሓይታ ቀዝሒ
ጥሚቅ ዝናብ ዘይጽሒ፡
እሾኽን ቓቑራን
ገደልን መንደልህጸን
ጸልማትን ደበንገረን።

ሳላ 'ተሰወአ

ኪኖ ዛራማይ ደሙ 'ናወሓዞ፡
ንኣባይ ዘራይ ክሕግዞ
ምንባር ከመርር ክነውሕ 'ቲ ጉዕዞ፡

'ቲ ውዲቶም ንገድሉ እናንወሐ
ኣይክእሎምን'የ ኢሉ ሓሳቡ ከይሞቅሐ
ብሓራ መስመሩ ብሶላ እናመርሐ
ገጥ ዘበሎ ቅናቱ ከይፈትሐ
ንትካቦ ሓገዝ ኢዱ ከይዘርገሐ።

ትሕዞ ተጎደለ ሞራል'ዩ ዝሰንቅ
ኪኖ ብርሃን መመሊሱ 'ደምቅ
ብጥምረቱ ኣኻውሕ የንደቅድቅ።

ነብሱ ከይፈተወ ንሃገሩ ሓሊ
ካብታ ዝውንና ከየትረፈ መቅሊ
ሳላ 'ተሰወአ ጅግና ናይ ትማሊ።

ሳላ 'ተሰወአ'ዩ
ኮራኩሕ መድሚዱ
ብሓራ ሓዲዱ
ኣጽርዩ መንገዱ።

መምህር ኮይኑ
መምህር ጽንዓትን ተወፋይነትን
መምህር ኒሕን ሓቦን፡
ራእይን ተስፋን - ምዕባለን ዕብየትን
ራህዋን ቅሳነትን - ፍስሃን
መስተርሆትን።

ጸዋር ከኣ'ዩ ጸዋር
ከም ኢዮብ ዓቕሉ ዘይጽንፈፍ
ውፉይ ሃዋርያ ዝብጆ ዝሓልፍ
ነቢይ ራኢኡ ዝነድፍ።

ብስርሑ ኣይንየትን
ወደሳን ጃህራን
መዳልያን ስልማትን
ሓለፋን ጉንያን ኣየስደያን፡

ተንኮልን ዓሎቕን
ኣጽዋርን ተተኮስትን
ታህዲድን መናውራን ኣየጃጀዎን።

'ታ መሬት ድማ

ንኣድሃ 'ምበር ንጀጃዊ ስፍራ 'ብላን፡

ነቲ ፈራህ ንሞት - በቃቓ ንሂወት
ቀናእ ዘይናቱ ዝጥምት፡
ብሕሱም ህዝቢ ኣኽብዱ ዘዕቢ
ንስለ ረብሓኡ ኣባዩ መጋቢ፡

ፎእ'ያ ትብሎ፡ ፎእ ትፍንፍኖ፡

ነቲ ዘይናትና
ኣይደምና ኣይሕብርና
ኣይወገና ኣይብጻሓና

ነቲ ሽዩጥ ዝኽድዐ
ብትኳቦ ዝሰድዐ

ፎእ'ያ ትብሎ 'ታ ምድሪ
ዓዲ በትኪ መዓስ ኮይና
ዓዲ ጀጋኑ 'ምበሪ።

እቲ ጅግና ግን
ወዲ መሬት'ዩ ወዲ ህዝቢ
ክንዮ ብዓይኒ ዝጥምት ብልቢ
ማዕዶ ዘራኣየ ንጽባሕ ዘጸቢ
ሓይሊ ውሽጥና'ዩ መመሊሱ ዓቢ።

ሳላ 'ተሰወአ ንምንባር ተጸየነ
ህላዌና ብዘይምህላዉ ካብ ኮነ፡

ኣብ ቀለሙ ኣብትልሙ
ኣብ ራኢኡ ኣብ ሕልሙ
ኣብ ጉዕዞኡ ኣብ ሱግሙ፡

ብትንፋሱ ነተንፍስ
ኣብ ሓዲዱ ንመላለስ
ብውህደትና'ዩ ህላዌኡ ዝወሓስ።

እምበር እዛ ዓለም ግናይ
እዛ ዓለምና ዓለም ዘራይ

ዓለም ታህዲድን ምጉብዕባዕን
ዓለም ዓመጽን ጭፍለቓን
እከይ መጋብርን ርኹስን ዘራግን፡

ንርግቢ ሓጥያተኛ ንኳኽ ጻዕዳ ሕብሩ
ንተመን ሕይዋይ ንገመል ክፉእ ግብሩ፡
እያ ትብል

ኣይንትሃመል
ነዚ ግዜ ንርአ ነስተብህል።

ነቓዕ ኣይነርሐ ነቲ ዝፈላሊ
ወገንና ንፍለጥ ጸግዕና ነለሊ
ከይህለወና ምስሉይ መታለሊ
ግና'ዩ 'ዚ ኩነት ምስትብሃል ይደሊ።

ንሱ ስለ ዘየለ ኢና ዘለና
እምበር
ከም ሃገርን ህዝብን ቀደም ምተረሳዕና
ታሪኽ ከም ዘይብልና ምተጎሓፍና።

ሳላ 'ተሰወአ ንነብር
ኣብ ታሪኹ ኢና ንሰፍር
ብደበሱ ድማ ንስፈር።

ሳላ 'ተሰወአ ኢና ንኾርዕ
ብታሪኹ ኢና ንተብዕ
ኣብ ሕድሩ ድማ ንጽናዕ።

ስለዚ

ክንዲ መልቀስ ክንዲ ንብዓት
ክንዲ እህህታ ክንዲ ብኽያት
ነቲ ዘየለ ንደብሶ
ብውህደትን ጥምረትን
ብሓንቲ ቃልን ሓድነትን።

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ!!

ሚልዮን ኣብርሃም
20 ሰነ 2014
ቶሮንቶ ካናዳ።